orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ
ናብ ትምህርቲ ሙያ

ፈደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ንምርካብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

ናይ ፈደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ትምህርቲ 3 ወይ 4 ዓመት እዩ ዝወስድ ከምኡውን ሰፊሕ ዝኾነ ፍልጠትን ክእለትን ንካብ 200 ንላዕሊ ዝኾና ሙያታት ይህብ እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ዓመታዊ ካብ ሰለስተ ክልተ መንእሰያት ከምዚ ዓይነት ትምህርቲ ይፍጽሙ፣ እዚ ትምህርቲ «ትምህርቲ ልምዲ» ወይ «ትምህርቲ ልምዲ ሙያ»ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ዘድሊ ተግባራዊ ክእለትን ትምህርታዊ ብቕዓትን ዝተፈላለየ እዩ።

መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣንታይ እዩ?

መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ነቲ ተግባራዊ ልምድን (ኣብቲ ትምህርቲልምዲ ዝግበረሉ ትካል ወይ ድማ ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ) ነቲ ክልሰ ሓሳብዊን (ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙያ) የጸናብር እዩ። ኣብዘን ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ቦታታት ዘለዉ መምሃራን ዝኽተልዎ ዕላማ፣ ንዓኹም ነቲ ናይ ስራሕ ዓለም ምጥዋሕ እዩ፣ እስኹም ነተን ፈተናታት ክትሓልፉን ኣብቲ ማሕበረሰብ ድማ ንኽትጽምበሩን ኣዩ። ሓደ ሓደ እዋናት እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ፣ ምስ ተግባራዊ ልምዲ ተጸናቢሩ፣ ክካየድ ይኽእል ኣዩ። ከምዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ምናዳ ኣብቲ ፈረንሳይኛ ዝዝረበሉ ክፍሊ ስዊዘርላንድን ኣብቲ ጥልያን ዝዝረበሉ ክፍሊ ስዊዘርላንድን እዩ ዝዝውተር (ኣብ ገጽ 34 ርኣዩ)።

ትካል ትምህርቲ ልምዲ

ካብ 3 ክሳብ 4 መዓልታት ኣብ ሰሙን ነቲ ስራሕ ኣድላዩ ዝኾነ ተግባራዊ ፍልጠት ትቐስሙ ከምኡውን ነቲ ማሕበራውን ሚላዊን ክእለትኩም ተመሓይሹ።

ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ

እዚ ካብ ትካል ወጻኢ ዝካየድ ኮርስ ኣብ ዓመት ዉሑዳት መዓልታት መሰረታዊ ዝኾና፣ ነቲ ትምሃርዎ ስራሕ ኣድለይቲ ዝኾና፣ ቴክኒክን ኣሰራርሓን ንምቕሳም የብቅዓኹም።

ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ

እዚ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ኣብ ሰሙን ካብ 1 ክሳብ 2 መዓልታት ነቲ ተግባራዊ ትምህርቲ ኣ ድላዩ ብዝኾነ ክልሰ ሓሳባዊ ፍልጠት ሙያ ዘማልእ እዩ። እዚ ስነ ፍልጠታዊ ክፍሊ ትምህርቲ ነቲ ሙያ ኣድላዩ ዝኾነ ፍልጠት ዘቕስም እዩ። እቲ ሓፈሻዊ ኣስተምህሮ ንክልተ መዳያት ትምህርቲ እዩ ዘጥልቕ፡ እቲ መዳይ ትምህርቲ«ቋንቋን ርክብን» ብቓላትን ብዘይ ቃላትን፣ ብውልቅኹም ኣብ ስራሕን ኣብ ማሕበረሰብን ንዝህሉ ኩነታት፣ ንሰማዓይ ክሕብር ዝኽእል ኣዘራርባን ርክብን ንኽትመልኩ ዘኽእል እዩ። ኣብ መዳይ ትምህርቲ «ማሕበረሰብ» ብዛዕባ ፖለቲካዊ፣ ስነ ተፈጥሮኣዊ፣ ሕጋዊ፣ ማሕበራዊ ወይ ድማ ባህላዊ ዝኣመሰለ ኣርእስታት ኢኹም ትመሃሩ።

ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወሰዱ

ጊዜ ሃብዎ። ምስ ንልኩም፣ ምስ ወድኹም ብዝተኽእለ መጠን ኣበየናይ መዳያት ክእለት ከም ዘለዎምን ኣንታይ ድልየት ከም ዘለዎምን ብትኽክል ኣረጋግጹ።

መጀመርታ ንኹለን መዳያት ሙያ ርኣዩ። ብኽምኡ ከኣ ኣየናይ ሙያን ኣየናይ ትምህርትን ንቆልዓኹም ከም ዝሰማማዕ ትረኽቡ።

ምስ እቶም መምሃራን ንልኩም ወይ ድማ ወድኹም ብተወሳኺ ነቲ ዝምነይዎ ዓይነት ሙያ ከመይ ዓይነት ምቅርራብ ክገብሩ ከም ዘለዎም ንምፍላጥ ብእዋኑ ተማየጡ።